Information Classification: CONFIDENTIAL

# ሓበሬታ ብዛዕባ Cornwall



Information Classification: CONFIDENTIAL

# Cornwall እንታይ እዩ




Cornwall ብዙሓት ገጠራት ፣ ገማግም ባሕርታትን ንኣሽቱ ከተማታትን ዝርከብዋ ኣዉራጃ እያ። Cornwall ንእሽተይ ከተማ ኮይና ርእሲ ከተማ ናይ Truro እያ።

ገለ ናይ Cornwall ፍሉጣት ከተማታት ከም Newquay ፣ St Austell ፣ Penzance ፣ Bodmin ከምኡዉን Falmouth የጠቓልሉ።

Cornwall ኣብ ግዜ በዓል ቱሪስታት ክመጹላ ዝኽእሉ ኣዝያ ፍልጥቲ ቦታ እያ። ብዙሓት ሰባት Cornwall ኣዝያ ሕያወይቲ ገይሮም ይሓስብዋ። ዉሑስ ቦታ እያ። Cornwall ተሪር ምስሊ ናይ ከባብያዊ መንነትን ፣ ዋላ'ኳ ሕጂ እዚ ብሰፊሕ ዘይዝረብ እንተኾነ ናይ ገዛእ ርእሶም ቋንቋን ኣለዋ።

Information Classification: CONFIDENTIAL

# ኣብ ክንክን ዘሎ ህጻን

- ከም ትሕቲ 18 ዓመት ኣብ UK ከም ዘለኻ መጠን ከም ህጻን ኢኻ ትዉሰድ። ክኣልዩኻ ዝኽእሉ ወለዲ ምስ ዘይህልዉኻ ፣ እቲ ከባብያዊ ሰበ-ስልጣን ይኣልየካን ይከባኸበካን።
- ሕጂ ከም ህጻን ኣብ Cornwall ስለ ዘለኻ ትምህርቲ ፣ ክንክን ጥዕና ፣ መንበሪ ከምኡዉን ገንዘባዊ ሓገዝ ክትረክብ ኢኻ።
- ኣብ ጉጅለ 16+ ዘለዉ ሰራሕተኛታትካ ኣብዚ ምስ የዕሩኽ ፣ ተፈትዎም ነገራት ከምኡዉን ኣብ ከባቢኻ ማሕበረ-ሰብ ዘለዎ ጽቡቕ ሂወት ክትሃንጽ ክድግፉኻ ይደልዩ እዮም።
- ክሳብ 18 ዓመት ትመልእ ፣ ከምኡዉን ናይ ዕቑባ ሕቶኻ ክሳብ ዝዉሰን ኣብ Cornwall ክትነብር ኣለካ ፥ ቐጺልካ ንሕና ኣብዚ ንኽንድግፈካ ዝከኣለና እንገብረሉ ብዛዕባ ኣብ UK ኣበይ ቦታ ክትነብር ከም እትደሊ ናይ ገዛእ ርእስኻ ዉሳኔ ክትህብ ክትክእል ኢኻ።

# መን እዩ ዝድግፈካ

**ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ፥**
ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ዉሑስ ክትከዉን ፣ ክድግፈካን ናይ መንገድኻ መደብ ብዛዕባ ናይ ከባቢ ሰበ-ስልጣን ኣብ መንበሪ ፣ ናይ ጥዕና ድሌታት ፣ ናይ ኢሚግሬሽን ሕቶኻ ፣ ማሕበራዊ ንጥፈታትን ዝኾኑ ባህላዊ ድሌታት ብኸመይ ከም ዝድግፈካ ምሉእ ዝርዝር ዝሓዘ ንኽጽሕፍን እዩ ኣብዚ ዘሎ። ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ኩሉ ሰብ ብሓባር ይዓዩ ከም ዘሎ ንምርግጋጽ ንኹሎም ዝድግፉኻ ሰባት የወሃህድ። ክሳብ 18 ዓመት ትበጽሕ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ክህልወካ እዩ።

**ናይ ዉልቒ ኣማኻሪ ፥**
ናይ ዉልቒ ኣማኻሪኻ ክሳብ 21 ወይ 25 እትበጽሕ ኣብ ኩነታትካ ምርኩስ ብምግባር ምሳኻ ክዓዩ እዩ። ንመጻኢ ኣብ ምምዳብ ይሕጉዘኻ ከምኡዉን ምኽሪ ፣ ሓገዝን መምርሕን ይህቡኻ። ንመጻኢ ኣብ ምድላዉ ክሕግዙኻ ኣለዎም ከምኡዉን እኹል ሰብ ኣብ እትኣኽለሉ ግዜ ባዕልኻ ነገራት ንምትግባር ከም እተማሃርካ ከረጋግጹ ኣለዎም።

**ነጻ ክንክን ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ፥**
ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ኣብ ክንክን ንዘለዉ ቖልዑ ንምድጋፍ ብግብረ-ሰናያት ዝተቖጽረ እዩ። ምስ ካልኦት ዑቑባ ዝሓቱ ዘለዉ ቖልዑ ከምኡዉን ሰፊሕ ማሕበረ-ሰብ ንጥፈታት የበራትዑ። ብፍላይ ሓድሽ ከለኻን ክመዓራረ ዝግብኦ ብዙሕ ኣብ ዝህልዉሉን ፣ ንማሕበራዉያን ሰራሕተኛታትን ዉልቓዊ ኣማኸርትን ንዓኻ ንኽድግፉኻ ይድግፉዎም። ኣብ Cornwall ዘለዉ ዕድላት ኣብዚ ሂወት ንኽትሰርዕ ዝሕግዙካ ንኽትሳተፍ ይድግፉኻ። ብዛዕባ ዝኾኑ ጭንቐታት ወይ ጸገማት ክትከዶም እትኽእል ሰባት እዮም።

# ናይ ዕቑባ ሕቶኻ

ናብ Cornwall ድሕሪ ምእታዉካ ፣ ብፍቓድካ ፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ምስ ናይ ኢሚግሬሽን ጠበቓ ኣኼባ ክሰርዕ እዩ። ሓደ ጠበቓ ንዓኻ ዝድግፈካን ኣብ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ዝዉክለካን እዩ።

ምስ ጠበቓኻ ፣ ናይ ምስክር መርያ መግለጺኻ (SEF) ብዛዕባ ንምንታይ ንስደተኛ ኩነታት ተመልክት ከም ዘለኻ ዝመልኣልካ ፣ ኣኼባታት ክህልወካ እዩ። ቐጺልካ ምስ ቤት-ጽሕፈት ሆም ፣ ሕቶኻ ንምግምጋም ሓላፍነት ዘለዎም ፣ ቓለ-መጠየቕ ክትገብር ኢኻ። ኣብቲ ቓለ-መጠየቕ ካብ ናትካ SEF ኣንቢቦም ዘለዎም ዝኾኑ ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም። ምሉእ ንምሉእ ክትዘራረብ ከም እትኽእል ንምርግጋጽ ተርጓሚ ክህሉ እዩ።

Information Classification: CONFIDENTIAL

# ብዛዕባ ናይ ዕቑባኻ ሕቶ ኣብ እትሓስበሉ…

እቲ መስርሕ ናይ ዕቑባኻ ሕቶ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ነዊሕ ግዜ ይወስድ እዩ ከምኡዉን ንሕና ኲሉ ግዜ ነቲ ንዉሓት ናይ ግዜ ክንግምቶ ኣይንክእልን ኢና።

ንግዚኡ ፣ ብዛዕቡኡ ብዙሕ ዘይምጨናቕ ፣ ከምኡዉን ኣብ Cornwall ንዘለካ ሂወት ከተትኩር ኣገዳሲ እዩ።

ምሳኻ ዝሰርሕ ኲሉ ሰብ ፣ እንተላይ እቲ ሕቶኻ ዕዉት ንክኸዉን ዝሰርሕ ዘሎ ጠበቓ ፣ ኣብዚ ነገር ክሳብ ዝከኣለና ክንድግፈካ ኢና።

ብዛዕባ እዚ መስርሕ ብዛዕባ ክህልዉኻ ዝኽእሉ ዘተሓሳስቡ ወይ ዘጨንቑ ነገራት ወትሩ ምስ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ክትዘራረብ ፈትን። ካብቲ ሰሌዳ ቤት-ምኽሪ ቈልዑ ስደተኛታት ናይ ዉልቒ ጠበቓ ክህልወካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

# ኣብ UK ዝርከቡ ናይ ህጹጽ ኩነታት ኣገልግሎታት

- ፖሊስ - ኣብ UK ፖሊስ ዉሑሳት ሰባት እዮም ፣ ዝኾኑ ጸገማት ምስ ዝህልዉኻ ክትዛረቦም ትኽእል ኢኻ ከምኡዉን ክድግፉኻ እዮም። ይኹን ግን ፣ ነቲ ኣብ UK ዘሎ ሕግታት ክትክተሎ ኣለካ ወይ ክትእሰር ትኽእል ኢኻ። ኣብ UK ዘለዉ ሕግታት ንኽትረዳእ ከምኡዉን ንዓኻ ነቶም ናይቲ ከባቢ ኣባላት ፖሊስ ንኽትላለ ክንሕግዘካ ኢና።
- ኣምቡላንስ/ሆስፒታል - ኣብ UK ሂወትካ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሓደጋ ወይ ቓንዛ ምስ ዝህልወካ ኣብ ተሌፎንካ 999 ብምድዋል ናብ ሆስፒታል እትወስደካ ኣምቡላንስ ክትድዉል ትኽእል ኢኻ። ስምካ ቦታኻ ክትህብ ክትሕተት ኢኻ።
- ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ፣ ዉልቓዊ ኣማኻሪ ከምኡዉን ደገፍ ሰራሕተኛ ኣብ ሰዓታት 8.45am ከምኡዉን 5.15pm ሶኒ ክሳብ ዓርቢ ኣብ ስራሕ ኣለዉ። ኣብ ምሸት ከምኡዉን ቐዳመ-ሰናብቲ ንህጹጽ ኩነታት ዝኸዉን ካብ ሰዓታት ወጻኢ ኣገልግሎት

እቲ ቑጽሪ ናይ ካብ ሰዓታት ወጻኢ ፥ 01208 251300 እዩ



# ኣገዳሲ ናይ UK ሕጊ



- ክሳብ 18 ዓመት ትበጽሕ ኣብ UK ኣልኮሆል ከምኡዉን ሽጋራ
 ክትዕድግ ዘይሕጋዊ እዩ። ኣብ ዝበዝሑ ቦታታት ኣብ ዉሽጢ ገዛ ኮንካ ከተትኽ ኣይትኽእልን ኢኻ።
- ንዝኾነ ሰራሕተኛ ወይ ፖሊስ ዓሌታዉነት ክትከስስ ትኽእል ኢኻ ከምኡዉን እዚ ብዕቱብ ክትሓዝ እዩ።
- ኣብ UK ዕድመ ናይ ጾታዊ ፍቓድ 16 ዓመት እዩ። ትሕቲ 16 ዓመት ምስ እትኸዉን ጾታዊ ርክብ ክትፍጽም ፧ ካብኡ ንላዕሊ ዕድመ ምስ ዝህልወካ ምስ ትሕቲ 16 ዓመት ዝኾነ ሰብ ጾታዊ ርክብ ምፍጻም ፥ ከምዉን ካብ ትሕቲ 18 ዓመት ናይ ጾታዊ ስእልታት ክትሰድድን ክትቕበልን ዘይሕጋዊ እዩ። ብተወሳኺ ፣ ዋላ'ዉን ክልቴኹም ልዕሊ 16 ዓመት እንተኾንኩም ፣ ክሳብ ከምኡ ክትገብር ፍቓድ ዘይሃቡኻ ብጾታዊ መንገዲ ንዝኾነ ሰብ ክትትንክፍ ሕጋዊ ኣይኮነን።
- ክሳብ ናይ መምርሒ ፍቓድ ተወጽእ መኪና ክትዝዉር የብልካን ከምኡዉን ፈተና ክትሓልፍ ኣለካ። ኣብ UK 17 ዓመት ምስ መላእካ መኪና ምዝዋር ክትመሃር ትኽእል ኢኻ ፣ ይኹን እምበር ንግዝያዊ መምርሒ ፍቓድ መኪና ከተመልክት ከድልየካ እዩ (ናይ መንበሪ ግዜ ዝተረፈ ምስ ዝህልወካ ጥራይ እዩ ዝከኣል)።

# ገዛኻ

**ክንክን ኣለይቲ ፥**

ትሕቲ 16 ዓመት ምስ እትኸዉን ፣ ወይ 16 ዓመት ኮንካ ገና ኣብ ትምህርቲ ምስ እትህሉ ፣ ምስ ስድራቤት ምስ ዓበይቲ ዘለዎም ክከናኸኑኻ ዝኽእሉ ክትቕመጥ ኢኻ። መግቢ ክህቡኻ እዮም ከምኡዉን ኣብ Cornwall ክትሰፍር ክሕግዙኻ እዮም።

**እተደገፈ መሕደሪ ፡-**

ልዕሊ 16 ዓመት ምስ ትኸዉን እንተወሓደ ሓደ እኹል ሰብ ናብ ዘለዎ ናብ ገዝኦም ዝቕበሉኻ ከምዉን ኣብ መዓልቲ ሓደ መኣዲ ዝቕርበልካ ቤት ክትኣቱ ትኽእል ኢኻ። እቲ እኹል ሰብ ናብ ናጽነት ዝመርሕ ሓጋዚ ኢድ ክህበካ እዩ።

**ናይ መለማመዲ ፍላት (ገዛ) ፥**

እዚኦም ዝለዓለ ናጽነት ክህልወካ ይፈቕዱ። ኣብዚ ንበይንኻ ፣

ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ካልኦት ንኣሽቱ ሰባት ኣብ ክንክን ዘለው ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ኣብቲ ህንጻ ዝቕመጡ ክትቕመ

እዚኦም ንስኻ ብምቱእነት ክትነብር ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ኣድለይቲ ነገራት ዝመልኡ እዮም።



*ኣብ Cornwall ምስ ብዙሕ ናይ መንበሪ ጠለባት ዉሑድ ኣማራጺታት

ናይ ገዛ እዮም ዘለዉ። ኣብቶም ቦታ ዘለዉ ክትምደብ ኢኻ ፣ ይኹን እምበር ኣብ ሓደ ስርዓቱ ዝሓለወ ቦታ ከም እትነብር ንምር

ክንገብር ኢና*

Information Classification: CONFIDENTIAL

# ምስዞም ዝስዕቡ ክንሕግዘካ ኢና…



ጥዕና ፥

- ምስ መጻእካ ናይ ጥዕና ገምጋም ክትገብር ኢኻ። ብፍቓድካ እቲ ሓኪም ሓፈሻዊ ጥዕናኻ ንምግምጋም ምርመራታት ከካይድ እዩ።
- ንናይ ቲቢ ምርመራ እዉን መወከሲ ክግበረልካ እዩ
- ምስቲ ናይቲ ከባቢ ሓኪም (ሓፈሻዊ ሓኪም) ክትምዝገብ ኢኻ።
- ንናይ ስኒ ሓኪም ኣብ ናይ ተጸበይቲ ሊስታ ክትድመር ኢኻ ወይ ህጹጽ ምስ ዝኸዉን ናይ ስኒ ሕክምና ክትረክብ ክትሕገዝ ኢኻ።
- ናይ ዓይኒ ሓኪም ንኽትረአ እዉን ዕድል ክህልወካ እዩ።
- ብዛዕባ እዚ ክትረአ ምስ እትደሊ ኣብ ናይ ጾታዊ ጥዕና ክድግፈካ ዝኽእል ናብ Brook ክንዉከስ ንኽእል ኢና www.sexualhealthcornwall.co.uk
- ትደሊ ምስ እትኸዉን ናብ ጂም ንኽትምዝገብ ከምኡዉን/ወይ ካልእ ንጥፈታት ኣብ ግምት ንምእታዉ ክንድግፈካ ኢና።

# ... ምስ እዞም ዝስዕቡ እዉን ክንሕግዘካ ኢና




ትምህርቲ ፥

- ኣብ UK ክሳብ 18 ዓመት እትኸዉን ኣብ ትምህርቲ ክትህሉ ኣለካ።
- ትደሊ ምስ እትኸዉን እንግሊዘኛ ንተዛረብቲ ካልእ ቛንቛ ክትመሃር ክንድግፈካ ኢና።
- ኣብ ኮሌጅ ኣብ ክሊ ዕድመ 17-19 ፣ እኹል እንግሊዘኛ ድሕሪ ምምሃርካ ሳብጀክታትካ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ኣብ ክሊ ዕድመ 11-16 ፣ ተማሃሮ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሳብጀክታት ይሸፍኑ።
- ካብን ናብን ኮሌጅ ወይ ቤት-ትምህርቲ ዘመላልሰካ ናይ ኣዉቶቡስ መሕለፊ ክወሃበካ እዩ።



# ገንዘብ

- ክንደይ ገንዘብ ከም እትቐብል ኣበይ ከም እተመደብካን ክንደይ ከም ዘድልየካን ይሙርከስ።
- ኣብ ናይ መዕበዩ ክንክን ናይ ጁባ ገንዘብ ክትወስድ ኢኻ ከምኡዉን ናይ ምእላይ ወለድኻ ካልእ ዘድልዩኻ ነገራት እኹል ከም ዘለካ ከረጋግጹ እዮም።
- ኣብ ደገፍ መንበሪታት ወይ ናይ መለማመዲ ፍላት ምስ እትህሉ ሰሙናዊ ናይ ዉልቓዊ ገንዘብ ንመግቢ ፣ ክዳን ፣ ናይ ሽቓቕ ንብረታት ከምኡዉን ካልኦት ኣገደስቲ ነገራት ከተማሕድሮ ኣለካ።
- ክትበጽሖም ትደሊ ዓርኪ ወይ ኣባል ስድራ ምስ ዝህልወካ ፣ ክትሓተና ትኽእል ኢኻ። ዉሑሳት ሙኳኖም ነረጋግጽ ኢና ቐጺልና ናይ መገሻኻ ወጻኢ ክንከፍለልካ ንሰማማዕ ኢና ፥ ይኹን እምበር ኣብቲ ናይ ኮሌጅ ናይ ዕረፍቲ ግዜያት ጥራይ።